Göteborgs Stad

# ወረቐት ሓበሬታ፡-

## ናይ ተማሃራይ ላፕቶፕ ናይ ምልቃሕ መምርሒታት

ካብ ናይ ዮቶቦሪ ኮምዩናውያን ኣብያተ ትምህርቲ ናይ ውልቂ ናይ ተማሃራይ ላፕቶፕ ኣብ ትልቅሓሉ ግዜ ከም ተማሃራይን ከም ተቐባሊ ሓላፍነትን ናይ’ታ ላፕቶፕ መጠን እቲ ተሓታትነት ኣብ ዝባንካ እዩ። እዚ ማለት ድማ መምርሒታት ንምክትታልን ላፕቶፕ ንምልቃሕን ክትፈርሕ ትኽእል ትኸውን። እታ ላፕቶፕ ዋንነት ከተማ ዮቶቦሪ እያ። ስለ’ዚ ከተለቅሓ፡ ከተካርያ፡ ክትሸጣ፡ ትሕጃ ከተትሕዛ ወይ ብዝኾነ ካልእ መገዲ ንዋንነት ከተማ ዮቶቦሪ ኣብ ምልክት ሕቶ ከተእቱዎ ኣይፍቀድን እዩ።

ላፕቶፕ ክብሃል ከሎ ድጂታላዊ መሳርሒ ማለት እታ ቤት ትምህርቲ ትጥቀመሉን ንተማሃሮኣ ተከፋፍሎን፡ ንኣብነት ንክሮም ከም ውሽጣዊ መዘውር ትጥቀመሉ ላፕቶፕ፡ ኣይፓድ፡ ፒሲ፡ ወይ ማክ ማለት እዩ። ድሕሪ ትምህርቲ ነታ ላፕቶፕ ሒዝካ ገዛኻ ምኻድ ይፍቀድ ድዩ ኣይፍቀድን ዝውስን እቲ ቤት ትምህርቲ እዩ።

## መምርሒታት ብዛዕባ ኣጠቓቕማን ምሕደራን፡

**ናይ ሰባት ምዕሩይ ክብሪ፡ መሰል ብሕታውነትን ምኽልካል መጥቃዕቲ ደቂ ሰባትን፡**

ነታ ላፕቶፕ ክትጥቀመላ ከለኻ ናይ ሰባት ክብሪ ብማዕረ ሓሉ፡፡ ሳሓቢ ወይ ጥንቁቕ ቋንቋ ተጠቐም። መሰል ብሕታውነት ናትካን ናይ ካልኦትን ሓሉ። ንሰብ ምጥቃዕ ፈጺሙ ኣይፍቀድን እዩ። ከም ኣካል ናይ’ቲ ትምህርቲ ምስ መምህር ገለ ስምምዕ እንተ ዘይጌርኩም ንመርበብ ሓበሬታታት ናይ ሰብ ምስ ኣጸያፊ ወይ ቶኽታኺ ምስሊ ምፍታሽ ኣይፍቀድን እዩ። ዘጸይፉ ምስልታት ወይ ጽሑፋት ምቕማጥ ኣይፍቀድን እዩ።

## ምንክብኻብ፡ ምዕቃብን ምንቅስቓስ ወይ ምግዕዓዝን፡

ላፕቶፕ ኣብ ትልቅሓሉ ግዜ ዓቢ ናይ ጥንቃቐ፡ ናይ ዕቃበን ምንቅስቓስን ሓላፍነት ውሰድ። እታ ላፕቶፕ ንኸይትህሰ ወይ ከይትስበር ከምኡ’ውን ንኸይትጠፍእ ኩሉ ግዜ ጥንቁቕ ወይ ውሑስ ዝኾነ ናይ ምሕደራ፡ ዕቃበን ምግዕዓዝን ወይ ምሳኻ ምንቅስቓስን ሓላፍነት ውሰድ። እዚ ኣብ ኩሉ ማለት ኣብ ቤት ትምህርትን ኣብ ገዛን እዩ ዘገልግል። ንስኻ ኣብ ዘየለኻሉ ኣብ ዝኾነ ቦታ ፈጺምካ ገዲፍካያ ኣይትኺድ። ክትስረቕ ስለ ትኽእል። ነታ ላፕቶፕ ከተገዓዕዛ ወይ ምሳኻ ከተንቀሳቕሳ ከለኻ ኩሉ ግዜ እዞም ስዒቦም ዘለዉ ዝርዝር ነጥብታት ተጠቐመሎም ወይ ኣስተውዕለሎም ኢኻ።

## እንተ ጠፊኣ ወይ እንተ ተሰሪቓ ሓብር፡

ነታ ኮምፕዩተር እንተ ድኣ ኣጥፊእካያ ወይ እንተ ተሰሪቓትካ ተቐላጢፍካ ነቲ ቤት ትምህርቲ ሓብር። ኣብ’ቲ ቤት ትምህርቲ እንተ ድኣ ጠፊኣ እቲ ቤት ትምህርቲ ንፖሊስ ክሕብር እዩ። እቲ ፍጻመ ካብ ቤት ትምህርቲ ወጻኢ እንተ ድኣ ኣጋጢሙ ንስኻ ከም ቀንዲ ተጸዋዒ ናይ’ታ ላፕቶፕ መጠን ባዕልኻ ንፖሊስ ትሕብር። ብድሕሪኡ ድማ ሓደ ቅዳሕ ናይ ምልክታኻ ነቲ ቤት ትምህርቲ ተቕርብ።

## ጸገም፡ ኣገልግሎትን ጽገናን፡

ንላፕቶፕካ ጸገም ወይ ዝኾነ መጉዳእቲ እንተ ድኣ ኣጋጢሙዋ ተቐላጢፍካ ነቲ ቤት ትምህርቲ ሓብር። እቶም ሰራሕተኛታት ናይ’ቲ ቤት ትምህርቲ ናብ ጽገናዊ ኣገልግሎት ትረኽበሉ ክፍሊ ክሰዱዋ እዮም።
እቲ ቤት ትምህርቲ ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ ግዜ ነታ ላፕቶፕ ሶፍትዌራ ክሕድሶ፡ ጽገና ክገብረላን ናይ ዕዮ ተግባራ ክቈጻጸሮን መሰል ኣሎዎ።

## ነታ ላፕቶፕ ከተረክባ ከለኻ፡

ናይ ለቓሕ ግዜ እንተ ድኣ የእኪሉ፡ ነታ ላፕቶፕ ገለ ምኽንያት እንተ ዘይተረኺቡ ምስ ቻርጀራን ካልእ መሳለጥያታታን ኣብ ውሽጢ ሓደ ሰሙን ናብ ቤት ትምህርቲ ኣረክባ። እታ ላፕቶፕን እቲ ቻርጀርን በቲ ፋብሪካ ወይ ብዝምልከቶ ኣካል ዝተሸፈነ ጉድኣት ገዲፍካ ኩነታቶም ኣብ ሓደ ዓይነት ኩነታት ወይ ከም ዝነበሩዎ ክኾኑ ኣሎዎም።
ምስ ምምላስ ናይ’ታ ላፕቶፕ ዝተኣሳሰር ወጻሊ ኣሎ እንተ ኾይኑ ንኣብነት ናይ መጓዓዓዚ ወጻኢ ከም ተማሃራይ ወይ ከም ቀንዲ ተሓታቲ መጠን ንዓኻ ዝምልከት እዩ። እታ ላፕቶፕ ክትመልሳ ከለኻ ካብ’ቲ ቤት ትምህርቲ ቅብሊት ክውሃበካ እዩ።

## ነቶም መምርሒታት እንተ ድኣ ጥሒስካዮም፡

ነቶም መምርሒታት እንተ ድኣ ጥሒስካዮም እቲ ቤት ትምህርቲ ነታ ላፕቶፕ መሊሱ ክወስዳ መሰል ኣሎዎ። እቲ ቤት ትምህርቲ ንስኻ ከም ወናኒኣ መጠን ነታ ላፕቶፕ ብኸምቲ መምርሒታት ዝጠልቦ ኣይትጥቀመላን ዘለኻ ዝብል ጥርጠራ እንተ ዳኣ ሒዙ ነቲ ታሪኽ ናይ መርበብካን ትሕዝቶ ናይ’ታ ላፕቶፕን ክቈጻጸር ወይ ክፍትሽ መሰል ኣሎዎ። ኣብ ከምዚ ዝበለ ተፍትሽ ወይ ምቍጽጻር እቲ ቤት ትምህርቲ ነቲ ቀንዲ ተሓታቲ ናይ’ታ ላፕቶፕ ዝኾነ ተማሃራይ ጸዊዑ ከቕርቦ እዩ። ብሰንኪ

ሽለልትነትካ ኣብ ልዕሊ እታ ላፕቶፕ ወይ መለዋወጢ ኣቑሑታ ዝኾነ ጉድኣት እንተ ስዒቡ ወይ’ውን ብሰንኪ ሸለልትነትካ እንተ ጠፊኣን እንተ ተተሰሪቓን ከተማ ዮቶቦሪ ናይ ገንዘብ ካሕሳ ክሓትት ይኽእል እዩ።

## ንውሓት ግዜ ለቓሕ

ንስኻ ላፕቶፕ ክትልቃሕ ትኽእል፡
1) መምርሒታት ለቓሕ ላፕቶፕ እንተ ተኸቲልካ ኢኻ።
2) ካብ’ቲ ትመሃረሉ ዘለኻ ቤት ትምህርቲ እዩ። ወይ ኣብ ትምህርቲ ክትህሉ ኣለካ።
እቲ ቤት ትምህርቲ’ውን ኣብ ዝህቦ ናይ ለቓሕ ግዜ ክጸሉ ዝኽእል ኩነታት ክህሉ ይኽእል እዩ።

## ምሕደራ ውልቃዊ መዝገብ

ሓበሬታ ብዛዕባ ውልቃዊ መዝገብካ ብኸመይ ከም ዝመሓደር ወይ ከም ዝወሃሃድ ኣብ ናይ ከተማ ዮቶቦሪ መርበብ ሓበሬታ ኣሎካ። ”ኣብ ምምሕዳር ቤት ትምህርቲ መባእታ ውልቃዊ መዝገብ ከመይ ይትሓዝ” ዝብል ፈትሽ።

## እዞም ልዕል ኢሎም ዘሎዉ መምርሒታት ከም ዝተነበቡን ቅቡላት ከም ዝኾኑን መረጋገጺ፡

ንስኻ ከም ቀንዲ ተሓታቲ መጠን ነቲ ብሸወደንኛ ተጻሒፉ ዘሎ ናይ መረጋገጺ ሰነድ ክትፍርመሉ ኢኻ። እዚ ሰነድ እዚ ምስ ናይ ሓበሬታ ወረቐቱ ተረኪብካዮ ኣለኻ። ኣብ ግዜ ናይ ሓባር ተሓታትነት ንስኻን ናይ’ቲ ተማሃራይ ካልእ ተሓታትን ነቲ ሰነድ ክትፍርሙሉ ኢኹም።

**እቲ ምስ ምልቃሕ ናይ እታ ላፕቶፕ ዝተኣሳሰረ ዝተፈረመ ሰነድ ነቲ ቤት ትምህርቲ ክርከብ ኣለዎ።**